ዕለት፡ 30/07/2010

ናብ፡ ኣዳላዊት ሽማግለ ፈስቲቫል ኤርትራ (ካስል)

ዝኸበርኩም ብጾት ብሓበራ ከምኡ'ዉን ተሳተፍቲ ፈስቲቫል

ብቐዳምነት ኣብ እተካይዱዎ ዘሎኹም ኩሉ ሸነኻዊ ዕማማት እንገዳ ፈስቲቫል ዕዉትን ስሉጥን ይግበሮ። ናይ ዕድሜኹም ብስራት መልእኽቲ ደብዳቤ ብመንገዲ ብጾተይን ናይ ቀረባ መዛትይተይን ብምቕባለይ ዝተሰመዓኒ ናይ ዝኽሪ ሓበን፡ ኣዝዩ ግዙፍ ምኳኑ ኣረጋግጽ። ንቑምነገርኩምን ልቦናኹምን ከኣ ኣሞግስ።

ፈስቲቫል ካስል ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ እጃም ዘበርከተት፣ ንዕስራን ኣርባዕተን ዓመታት'ዉን ናብ ኩሉ መኣዝናት መቓልሕ ፍትሒ ዘድመጸት ስብሕቲ ዓዉዲ'ያ። ፈስቲቫል ከም ስሙ ናይ ደስታን ቁምነገርን መኣዲ፡ ዘይርስዑ ኣሳሰይትን ኣንገድትን ተቐማጦ ካስል ኮኑ ፍራልክፈርትን ከባቢኣን ዓቢ ዉዕለታት ገይሮም'ዮም። ሰላምታይ ከኣ ይብጸሓዮም።

ኣብ ዝተፈላለየ ግዝያት ኣብ መድረኻት ወጺኤ ክዋሳእ ዘኽኣለኒ ጻዕርታትን ተበግሶታትን ናታትኩም ምኳኑ ኣይስሕቶን። ዘይተኣደነ ዕቑር ተመክሮታት ኣበየ እዋኑ ብልጭ ብልጭ እናበሉ ንሕልምታተይ ኮነ ጋህዳዊ ተመክሮታተይ ከበራብር፣ ሃለዋትኩም ብደቂቑ ክከታተል ደሪኹኒ'ዩ። ንዕላማን ትርጉምን ሃገራዊ-ዋዕላ ብዕምቆት ኣብ ዉሽጢ ህዝቢ ናይ ምብራህን ምልዕዓልን ብብሩህን ንጹርን ሓላፍነት ተመዚዛ ብዉክልናን ተማእዛዝነትን ፈስቲቫል ዝተበገሰት ኮሚቴ፡ ኣባል ኮይነ ኣብ ተግባራዊ ስረሓት ምዉሰኤይ፣ ዓመታዊ በዓልት ፈስቲቫል ብሓበን ይዝክሮ'የ።

ሃገርና ናይ ሰላምን ፍትሕን ባህሊ ዘማእከላ ተባሃጊት ዑቕባ ምእንታን ክትከዉን ከኣ፡ ንጻዕርታትናን ዕዮታትናን ናብ ንኡስ ተካኢ ወለዶና ብልቦና ከነሰጋግር መድረኻት ብሩህ ጠለባት የቕርቡልና ኣለዉ። ፈስቲቫል ከኣ ዓቢ ናይ ድርኺት ዕዮታት ዘሳልጥ ናዉቲ ምኳኑ ይእመነሉ።

ብመንፈስ ምሳኹም ከም ዘሎኹ ተቐጺሩ፡ ደስታኹም ደስታይ፡ ባህግኹም ከኣ ባህገይ እዩ'ሞ፣ ናይ ሓባር ክሰላሰል ዘሎዎ ዕማማት ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ከምዘሎ ይኣምን እየ።

ደጋጊመ ምስጋናይ ኣቕርብ።

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና!!!

ነጸረ ተወልደመድህን

ለንደን